## ***ኣይትሕለሙ ሓለምቲ***

*ኣይትሕለሙ ሓለምቲ፡*
*ቀትሪ ይኹን ለይቲ፡*
*ዕላል ግደፍዎ ምስ ኣጋንንቲ፡*
*ስምዑ ምኽሪ ኣማኸርቲ፡*

*ሕልሚ ጋህዲ እንተዝኸውን ኔሩ፡*
*ምጠቐመ ነቶም ዝጠፍኡ ንሓዋሩ፡*
*እናፈከሩ ሓመድ ዝተቐብሩ፡*
*ብድሕሪኦም ዝጽወ ዛንታ ዘይብሉ።*

*ዘይትርጎም ሕልሚ ሓሳባት መራጸሚ፡*
*ዘይጭበጥ ዘይርኤ ከምትኪ በናኒ፡*
*እምኒ ይሓይሽ ሃሪምካዮ ሃራሚ፡*
ከይትደግሞ ዝኸውን ኣራሚ።

ሕልሚ ጋህዲ እንተዝኸውን ኔሩ፡
ብዙሓት'ዮም ከይደቀሱ ዝሓድሩ፡
ሃብቲ ክሓፈሱ ወርቂ ቡሩሩ፡
ምስተበራበሩ ብጓሂ ዝኹምተሩ።

ራኢ ይሃሉ ኣብ ክንዲ ሕልሚ፡
ንብሩህ ጉዕዞ ዝኸውን ትልሚ፡
ሰሪሕካ ዝብጻሕ ኣማእዛኒ፡
ንኹሉ ዘሳትፍ ዓወት ዘዛሚ።

ክንደይ እንድዮም ሓሊሞም ከጥፍኡና፡
ኣሕዋትና ከለዉ ወጊኖም ምስ ጓና፡
ጽቡቕና ዓቢጦም ኩፉእ ከውርዩልና፡
ሓቂ ተጋሂዱ ኣፍሺሉዎም ራኢና።

እቶም ኣብ ሕልሚ ትነብሩ፡
ግደፍዎ ሕጂ ልቢ ግበሩ፡
ከም ሓሸማ ኣብ ትፋእኩም ኣይተንገርግሩ፡
ኣብ ጌጋ ጢሒልካ ኣይንበርን ንሓዋሩ፡
ሕጂዩ ግዚኡ ሓዲኡ ግበሩ።

ነባሪ ዝኽርን ንሰማእታትና ፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር
ጥሪ 21, 2021